## <u>ሕምብርቲ</u>

ንመራጕዝ እንተበልካ ጕዝጕዝ
ይመጸካ ነእምሮ ዘተክዝ

ኣቕርንቲ ምስ ጣጥያ ጸለምቲ ኣእማን
ጣይታና ካብኡ'ዩ፡ ምድሪ ኸሎ ኣማን

ኣሎ'ውን ቍልቍለት ምጽዳፍ ታራ
ንጓሶት ዘጽምእ በብታራ

ሕሮይ፡ ጻዕዳ ቐላይ፡ ሻኻ-ዓሉ
ስቡሕ መሬት ፍልፍል ዝድራሩ

ፋና'ውን ኣለኻ ምስ ሓማሰት
መደየብ ኣስካላ ዝባን ጣፋት

ምዓስ ረሲዔካ ሓጹ ምስ ጕልዝጊ
ክፈቱ ንዓኻ ይፈቱ ኣቦይ እዝጊ

ብዓቲ ምያ'ውን ኣለኺ ተዘከሪ
ናባኺ ኢና ነብል ምስ መጸና ቐሪ

ብዓል ግርማ ኣለኻ ዝባን ሰራው፡ ኣንገብ
ከም ጽብቕቲ መርዓት ዘይትጽገብ

ኵርባ ዓዲ ቓጽል ኵሉ ዘይኽእላ
ኣብኡ ኰንካ ትርኤ ኣስመራ

መትዓን'ውን ኣለኻ ምስ ዓጃቑ
ተብልዕ፡ ትኽድን ዝዓረቑ

ሞስኖ፡ ዑና፡ መሬት ጋቒ
ገነት ደገ-ሰማይ ኣለካ መጽደቒ

ዓራቶ፡ ማይ-ኣፍራስ፡ ዝባን ሕረት
ቂም ምስትሕዝ ከቶ የብልካን ምሕረት

ሸኻታት፡ ቀጢን ቀላይ፡ ምድሪ ሸዋይ
ንራእስታት ኔርካ ኣቕሓ፡ ንዋይ

ተኒ ዝቦቕለካ ጥዑም ሽታ
ዓዲ ሓርቦ የብልካን መሰታ

ጻዕዳ ኅቦ፡ ዑና ተጓንፍ
ክመሲ ከብትን ዝብእን ብሓንሳብ ተጓንፍ

ቆላቕል ኣለኻ ዘይትርሳዕ
ዓለም ክትምቀል ዝወሰድካ ግዛዕ

ሒሓውቲ፡ ጕርዒ ሕሉብ፡ ኣቶ ብርሃን
ኣቃቲሩ ዝኣትወካ ብርሃን

ዋይ፡ ከቶ ረሲዔዮ መሰታ ኣባ ጽጉ
ንዅልና ዘዕበየ ኣሕንቂቑ

ሰንሰላ፡ ጭዕና ኣእዱግ
ዝልምልም እምበር የብልካን ዝሃጉግ

ድንድል፡ ማይ ትምሓር፡ ማይ ልሓም
መን ኣሎ ኣፉ ዘይጕምደደ ብልሓም

ወዘባ'ውን ኣለኺ ርእሲ ዅለን
ነዋሕ ቍመት ዝቐንኣላ ዅለን

ማይ ኣባ ብሩኽ፡ ማይ-ሕጻ
እታ ጽርይቲ ማይና እንታይ ክወጻ

ቶናቡዅ ኣለኻ ፈዅሽ መሬት
ንዓኺይ ተውሕደሉ ስህረት

ሞሞና፡ ግርሁ ካህናት፡ ኣደና
ክንደይ የእዱግ ሽታሕ ዘይበላና

ማይ ጥምቀት፡ እንዳባ ኳኻት፡ ምትካል ኣምበላይ
ቦታ ናይ ሕርሻ፡ ናይ ሓረስታይ ኣላይ

ክወስደኩም ጕምኒ፡ ደምበ ባይሩ፡ ዒላ ወዲ ምስሌነ
ቃዲሩ ይኸውን ሎሚቕነ

ጭዑ፡ ምድራዕ፡ ምሓጥ ገመል
መሬት ከበሳ'ዩ ናይ ቀዳሞት ጕምበል

ሩባ ገልዓንታ፡ ጸጸራት፡ መቓብር
ከውታ ለይቲ ሰይጣን ዘበራብር

ኪዳነ ምሕረት'ድኣ ኣለኺ ብዓልቲ ጽላል
ነባጊዕኪ ትሕልዊ ከምቲ ጓሳ፡ ሓላል

ጕላጉል፡ ግርሁ ሸሃይ
ዘይብኣኹም፡ በየን'ዩ ክሓልፍ እቲ ኹሉ ስቓይ

መሬት ዴሳ ዓበይቱ ንኣሸቱ
ሕጊ እንዳባ ፍትሒ ዝናውቱ
መጽዓን እዝርግሖ ተኣሚቱ
እምኒ ይንበሮ ክኸውን ደረቱ
ተተሚኑ ዝመሓደር በብናቱ
ርኹብ ኣለካ ተባሂሉ ዘይስእን ብጽሒቱ
ስኡን ድኻ ተባሂሉ ዘይብቀቕ እቲ ናቱ
ነደይ ማርያም'ውን ይመጻ ዕሽር ተመጽዊቱ
ንሳ'ሽኣ ኣኻዕቢታ ትህቦም ድሮ ኣስተርእዮ ንምሸቱ
ዘሎ'ውን እሕጕስ እንተዘይ መይቱ

ሰለሙን ይከኣሎ
2003 / sykealo@yahoo.de